# ኮሮና-ቫይረስ


## ኣብዚ ብዛዕብኡ ከተንብቢ ትኽእሊ ኢኺ፡

**• ሕግታት ናይ መንግስቲ • ናይ ኮሮና ምልክታት-ሕማም • መርመራ ምግባር • ክታበት**


ንሓድሕድካ ከይትተሓሓዝ ምኽሪታት



ናብ ገዛኻ ኣብ ዝመጻእካሉ እዋን ወይ ንሓደ ሰብ ክትበጽሕ ኣብ እትኸደሉ እዋን፣ ኣእዳውካ ብሳሙና ተሓጸብ።



ኣብ ውሽጢ ዲኻ ዘለኻ፣ ንኣብነት ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ቤት-ጽሕፈት? መስኮት ወይ ማዕጾ ክፈት።



ካብ ካልኦት ሰባት ናይ 1.5 ሜተር ርሕቐት ሓልው።



ንሰላምታ ብኢድ ኣይትጨባበጥ።

ስራሕ
ትኽእል እንተ ደኣ ኼንካ ፡ ኣብ ቤትካ ስራሕ።
ናብ ስራሕ ክትከይድ ግዴታ እንተ ደኣ ኮይኑ ፡ ብሰባት እተጨቓጨቐት ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ናብ ስራሕ ኣይትጎዓዝ።

ምብጻሕ
ኣብ መዓልቲ እንተ በዘሐ 4 ሰባት ክትበጽሕ ጥራይ እዩ ዝፍቀደልካ ።
እዚ ነቶም ክሳብ 13 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዝምልከት ኣይኮነን ።

**ምልክታት-ሕማም ምስ ዝህልወካ፡ መርመራ ግበር፣ ከምኡ እውን ኣብ ገዛ ኮፍ በል**
ነዚ እውን ተኸቲብካ እንተድኣ ኮይንካ ግበሮ!
መርመራ-ኮሮና ግበር፣ ከምኡ እውን ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት-ሕማም 1 ወይ ልዕሊኡ ምስ ዝህልወካ ኣብ ገዛ ኮፍ በል፡



- ልዕሊ 37.5 ዲግሪ
- ናይ ምስትንፋስ ጸገም
- ሃንደበት ክትሸትት ወይ ብመልሓስ ክትጥዕም ዘይምኽኣል
- ምስዓል
- ምህንጣስ
- ዕንጓል ንፋጥ ኣብ ኣፍንጫኻ
- ቃንዛ ጎረሮ

ኣብ ግዜ ሕማም ኮሮና
ኮሮና ኣለካ ዶ? እንተ ኣለካ ኮይኑ, ኣብ ገዛ ክትጸንሕ ኣለካ ከምኡ ድማ ኩሉ ኣብ ገዛኻ ዘሎ ሰብ ኣብ ገዝኡ ክጸንሕ ኣለዎ ። እዚ "ውን ነቶም ክታበት ዝወሰዱ  ሰባት ይምልከቶም እዩ ።



ኣብ ገዛኻ ኮሮና ዘለዎ ሰብ ኣሎ ዶ? እንተ ኣለዎ ኮይኑ, ኣብ ገዛ ክትጸንሕ ኣለካ ።

**መርመራ ምግባር፡**

መርመራ-ኮሮና ብነጻ እዩ። ንስኻ ብ2 ኣገባባት ቆጸራ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡

1. ብመንገዲ ኮምፒተር፡ ናብ መርበብ-ሓበሬታ www.coronatest.nl ኪድ። ነዚ ንምግባር ናትካ ደይ.ኽይ.ደይ [DigiD] የድልየካ እዩ።
2. ብመንገዲ ተሌፎን፡ ናብ ቊጽሪ ተሌፎን 0800-1202 ደውል።

ክሳብ ካብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና ማለት ኽይ.ኽይ.ደይ [GGD] ውጽኢት እትቕበል ኣብ ገዛ ኮፍ በል።
እቲ ውጽኢት ክሳብ እትቕበል እውን በጻሕቲ ክትቅበል ኣይትኽእልን ኢኻ። ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና [GGD] መዓስ እንደገና ናብ ደገ ክትወጽእ ከም እትኽእል ክሕብረካ እዩ።



**መሸፈኒ-ኣፍ**

ኣብዚኦም ዝስዕቡ ቦታታት መሸፈኒ-ኣፍ ምግባር ግዴታ ኣለዎ:

- ኣብ ህንጻታት፣ ከምበዓል ዱኳናትን ኣብያተ-መጻሕፍቲን ዝኣመሰሉ
- ሓደ ሰብ ኣብ ጥቓኻ ምስዝቐርበካ፣ ከምበዓል ቀምቃማይ/መሻጢት ወይ ሓኪም ዝኣመሰሉ
- ኣብ ታክሲ፣ ዓበይቲ ማካይን(ትራም)፣ ኣውቶቡስ፣ ሜትሮን ባቡርን። ኣብ መደበር ባቡር/ኣውቶቡስ ከምኡ እውን ኣብቲ ደው ዝብላሉ ነቝጣታት
- ኣብ ማዕርፎ-ነፈርቲን ኣብ ውሽጢ ነፋሪትን

እንተድኣ ኣብዚኦም ቦታታት መሸፈኒ-ኣፍ ዘይገበርካ፣ ናይ € 95 መቕጻዕቲ ክወሃበካ ይኽእል እዩ።
ሓደ ሓደ ግዜ ኮድ QR ግዴታ እዩ

ኣብ ገሊኡ ቦታታት ኮድ QR የድልይ እዩ።
ኮድ QR ክትረክብ እኻ  ኣንተ ደኣ፣

- ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተብካ ምስ እትኸውን
- ኮሮና ሒዙካ ዝነበረ ኮይንካ፣ ሕሹካ ዝሓደገካ ምስ እትኸውን
- ተመርሚርካ፣ እንተበዝሐ 24 ሰዓታት ዝገበረ ኣሉታዊ ውጽኢት ምስዝህልወካ



ነቲ  ኮሮናቸክ-ኣፕ [Coronacheck-app] ዝበሃል ኣፕሊኬሽን ኣብ ተሌፎንካ ኣራግፎ (ኣውርዶ ማለት ዳውንሎድ ግበሮ)። ኣብዚ እቲ ኮድ QR ከተዋድዶ ትኽእል ኢኻ።

ኮድ QR ብወረቐት እውን ክትቕበል ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ናብ 0800 1421 ደውል።

**ክታበት**

ክታበት ኣንጻር ኮሮና፣ ናይ ኮሮና ቫይረስ ከይሕዘኩም ይከላኸለልኩም።
ነቲ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ቅልጽምኩም ብመርፍእ ክትቕበሉ ኢኹም።
ክታበት ድሕሪ ምውሳድኩም፣ ንስኹም በቲ ቫይረስ ኣይትሓሙን ወይ ኽኣ ብዙሕ ኣይትሓሙን።

ኣብ ኔዘርላንድ ነፍስወከፍ ዕድሚኡ 12 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ሰብ ቆጸራ ክገብር ይኽእል እዩ።
ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ ፋሮስ [Pharos]፣ ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ።



**ሓኪም**

ምልክታት-ሕማም ናይ ኮሮና ምስ ዝህልወካ ናብ ሓኪም ዘይምኻድ ኣገዳሲ እዩ።
ስለዚ መጀመርታ ደውል።
ብዘይካ ኮሮና ካልኦት ጸገማት ጥዕና ኣለዉኻ ድዩም? ከም ልሙድ ናብ ሓኪም-ገዛ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዘድልየካ እዋን ክንክን ጥዕና ክትረክብ ኣገዳሲ እዩ።
ኣብ መርበብ-ሓበሬታ www.Thuisarts.nl ብዛዕባ ኮሮና ዝምልከት ገና ብዙሕ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## እንተድኣ ብዛዕባ ኮሮና-ቫይረስ ዝምልከቱ ካልኦት ሕቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም፡

**ናብ ቊጽሪ ተሌፎን 0800-1351 ደውል።**

*Deze begrijpelijke informatie is gebaseerd op de adviezen van Rijksoverheid.nl en Thuisarts.nl en is getest met taalambassadeurs van Stichting ABC.*
*15 november - versie 32*

PHAROS
EXPERTISECENTRUM GEZONDHEIDSVERSCHILLEN